Association of Tigrayans Resident in Switzerland

# ማሕበር ተጋሩ ነበርቲ ስዊዘርላንድ

ዕለት: 20 ኖቬምበር 2017

**<u>ካብ ማሕበር ተጋሩ ነበርቲ ስዊዘርላንድ ኣብ ሃገርና ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው ኣመልኪቱ ዝተዋህበ መግለጺ</u>**

ማሕበር ተጋሩ ነበርቲ ስዊዘርላንድ ብዕለት 18 ኖቬምበር 2017 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ኣመልኪቱ ብምምይያጥ እዞም ዝስዕቡ መርገጺታት ኣህሊፉ፣

1. ኣብ ሃገርና ብሄር ተኮር ዝኾኑ ጥቕዓትን ሕገ መንግስቲ ዝጻረሩ ኩሎም ምንቅስቓሳትን ንሃገርና ኣብ ዓቢዩ ሓደጋ ዘውድቑን ኢሎምዉን ንዘመናት መሰረት ህልዉናና ኾይኑ ዝጸነሐ ሓድነትና ዝበታትኑን ብምዃኖም ኣጥቢቕና ንኹንኖም። በዚ ምኽንያት እዙይ ናይ ወገናትና ሂወትን ንብረትን ብምጥፍኡ ካብ ልቢ እንዳሓዘንና ክምዚኦም ዝኣምሰሉ ጸገማት ደጊሞም ከየጋጥሙ ብዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካላት ኣድላዪ ዝኾነ ጥንቃቔ ክግበር ከምዘለዎን፣ ጎኒ ንጎኒ ድማ ናይዚ ጥቕዓት'ዙይ ሰለባ ንዝኾኑ ወገናትና ኣድላዪ ዝኾነ ሓገዝ ክግበረሎም ንመንግስትና ነተሓሳስብ።
2. ካብ ሕሉፍ ብምምሃር ፌደራላዊን ኽልላዉን መንግስቲታት ተሓባቢሮም ብቑልጡፍ ነዞም ብተደጋጋሚ ዘጋጥሙ ዘለዉ ጸገማት ካብ ስሮም ብምምሓው ዘለቕታዊ ዝኾነ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ሕገ-መንግስታዊ ግብኦም ክፍጽሙ ንሓትት። ኣብ ሞንጎ ክልላት ዘጋጥሙ ናይ ዶባት ይኹን ካልኦት ጸገማት ብቑልጡፍ ሕጋዉን ሰላማዉን ብዝኾነ መንገዲ ክፍትሑ ምግባርን በዚ ምኽንያት እዙይ ንዝተፈናቐሉ ወገናት ብመንግስቲ ኣድላዪ ዝኾነ ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ።
3. ጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ሓይልታት ህዝቢ ምስ ህዝቢ ከምዝተጋጨወ ኣምሲሎም ብናይ ሓሶት ሚዲያታቶም ብምቕራብ ሕቡእ ኣጀንድኦም ንምስኻዕ ለይትን ቀትርን እንዳጸዓሩ ስለዝርከቡ መንግስትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ እዙይ ፈሊጦም ኣጥቢቖም ክቃለስዎም ይግባእ። ኣብ ከምዚኦም ዝኣምሰሉ ወገናት'ዉን ሕጋዊ ስጉምቲ ክወሰዱ ነተሓሳስብ።
4. ዜጋታት ብሰላምን ብዘይ ስግኣትን ኣብዝደለይዎ ናይ ኢትዮጵያ ክፋል ብምዝዉዋር ናይ ምምሃር ምስራሕ ይኹን ናይ ምንባር ሕገ-መንግስታዊ መሰሎም ክሕለዎሎም ፌደራላዊ ይኹን ክልላዊ መንግስቲታት ዉሕስና ክገብሩሎም ይግባእ። ነዙይ ኣብዝጥሕሱ ኣካላት ድማ ዘየዳግም ሕጋዊ ስጉምቲ ክወሰዱ ከምዝግበኦም ነተሓሳስብ።
5. እዞም እተጠቐሱ ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ዝግበር ከይዲ ንሕናዉን ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ጠጠው ብምባል ኣድላዪ ዝኾነ ዓቕምና ዝፈቕዶ ድጋፍ ንምሃብ ድልዋት ምዃና ንገልጽ።

ሰላምን ራህዋን ነቲ ክቡር ህዝብና!

ዘለኣለማዊ ክብሪን ሞገስን ምእንተ ህዝቢ ንዝሓለፉ ስዉኣትና!

ማሕበር ተጋሩ ነበርቲ ስዊዘርላንድ
Association of Tigrayans Resident in Switzerland